# ዕዉት መደብ ህዝባዊ መኸተ ኣብ ሚነሶታ

ብቀዳም ዕለት 24 መጋቢት 2012 ኣብ ኣዳራሽ ማሕበረሰብ ኤርትራ ሚነሶታ ህዝባዊ መኸተ ብዉዕዉዕ መንፈስ ተቓኒዑ። ኣብዚ ብተሳተፍቲ ዘዕለቕለቐ ዕሙር ምትእኽኻብ ኤርትርውያን ናይ ክብሪ ጋሻ ብምዃን ሰሚናር ዘካየደ ዶ/ር በርሀ ሃብተጊዮርጊስ ክኸውን እንከሎ፡ ቅድሚ'ቲ ሰሚናር ግን ጸብጻብ ሽምግለ ህዝባዊ መኸተ ጨንፈር ሚነሶታን፡ ኣብ ትሕቲ " ዕንደራ ወያነን ኣመታቲን " ዝብል ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝተከስተ ድራማ ወያነ ዝድህስስ ሓበሬታን ቀሪቦም።

ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ሚነሶታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዘካየደቶ ንጥፈታት ብዶ/ር በረኸት ፈዳይ ጸብጻባ ኣብ ዘቕረበሉ እዋን፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ሚነሶታ ኣብቲ ናይ ፐቲሽን ጥርዓናት ኣብ ምቕራብ ክካየድ ዝጸንሐ ጎድጓስ ንዝምልከቶም ኣካላት ባይቶ ጸጥታ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ብሓፈሻ፡ ንምምሕዳር ኣሜሪካ ድማ ብፍላይ ዘርኣይዎ ናይ ደብዳቤታት ምልኣኽ ተሳትፎ ብምድናቕ ድሕሪ ምምስጋን፡ ብሳላ ውሁድን ውፉይን ተሳትፎ ህዝቢ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተነዲፉ ዝነበረ እገዳ ኣዝዩ ፎኺሱን ተመምዩን ንኽሓልፍ ዓቢ እጃም ከምዝነበሮ ኣዘኻኺሩ።
ስዒቡ፡ ብዕለት 15 መጋቢት ብኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ወያነ ፡ ሰራዊት ወያነ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣካይደዮ ዝበሎ ወራር ብዝምልከት ካብ ናይ ኤርትራ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ሕ/መ/ኣሜሪካ ዝተላእከ መግለጺ ተነቢቡ።
ድሕሪ'ዚ ኣኼበኛታት ብዶ/ር በርሀ ሃብተጊዮርጊስ ዝተዳለወ ሰፊሕ ሰሚናር እዮም ኣካይዶም። ዶ/ር በርሀ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝሰላሰል ዘሎ ናይ ልምዓት መደባት ከም መእተው ባይታ ብምቕዳም እዩ መደርኡ ፈሊምዎ። ኣብ ኤርትራ ዝሰላሰል ዘሎ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ከም ሓባር ረቛሒ ናብ ውሉድ ወለዶ ዝቐንዐ መሰረተ-ልምዓት ዘውሕስ፡ መደብ ከምዝኾነ ብጭብጥታትን ኣሃዛትን ኣሰንዩ ብሩህ መጻኢ ኣብ ቅድሜና ከምዘሎ ዝሕብር ብደረቕ ስእሊ ዝተዓጀበ መግለጺታት ኣቕሪቡ። ብሕልፊ ምስ ማዕድናትና ኣዛሚዱ መግለጺ ክህብ እንከሎ፡ ነቲ ዓለምና ኣብ ቅድሜኣ ዝጽበያ ዘሎ ክልተ ሕጽረታት ማለት ሕጽረት ማይን ምግብን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣገዳስነት ፖታሽ ዝተባህለ ማዕድን ከም ድኹዒ ኣብ ምልማዕ መሬት ዝህልዎ ኣገዳስነት ዕዙዝ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣብ ኤርትራ ተዳህሲሱ ዘሎ ብዓይነቱን ብዝሑን ዘተባብዕ ስለዝኾነ ዝህልወና ናይ ዕዳጋ ብልጫ ልዕሊ ወርቂ ክርአ ዝግብኦ ምዃኑ ኣረዲኡ።
ማዕድን ግን ነቲ ክንበጽሖ እንደሊ ምዕባሌ ከም መሳርሒ እንጥቀመሉ

ጸጋ ድኣምበር ርእሱ ዝኸኣለ ዕቤት ኣይኮነን ክብል'ውን ዓቕሚ ሰብና ንኸነማዕብልን፡ ቴክኖሎጂ ኣብ ምትእትታውን፡ ኢንዱስትሪያዊ ቅርጺ ዝሓዘ ባህሊ ዓያይነት ከነጥርን ምሕደራና ከነጽፍፍ ዝሕግዝ'ዩ ክብል ሙያዊ ፍልጠቱ ኣሰንዩ ገሊጹ። ካብዚ ንሞራል ኣኼበኛታት ዘተባብዐ ኣርእስቲ እልይ ኢሉ ድማ ንኩነታት ጸጥታ ዞባና ኣመልኪቱ ኣብ ልዕሊ እዛ ብጽፍራ ጻሕቲራ ኣብ ናጻ ፖለቲካዊ መስመር ተኸቲላ እትጓዓዝ ዘላ ኤርትራ ዝእለሙ ዝተራቐቑ ውዲታት ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ጂኦ-እስታተጂካዊ ኤርትራ እንታይ ይመስል? ዝብል ሕቶ ብምብጋስ ድማ ዝተፈላለዩ  ጂኦግራፊካዊ ዓንኬላት ብምጥቃስ፡ ኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ኣገዳስን በቲ ካልእ ወገን ድማ ተኣፋፍን ዝኾነ ዞባ ተደኺና ከምዘላ ድሕሪ ምብራህ፡ ረብሓ  ርእሰ-ሓያል ዓለምና ዝሕለወሉ ኩነት ንምፍጣር ተባሂሉ ዝተሰገደደ ፖሊሲታት ግዳማውያን ሓይልታት እዩ ድማ ነዚ ሕጂ ንምስክሮ ዘሎና ምእዙዝነቶም ዘረጋገጹ መራሕቲ ዘለወን ሃገራት ጥራሕ ናይ ምንባር ዕጫ ከምዘለወን ክነግሩና ዝፍትኑ ዘለዉ ክብል ገሊጽዎ። ስለዚ እቲ ዘሎና እንኮ ኣማራጺ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር መንግስቲ ኣብ ምክልኻል ዶብን ልምዓታዊ መደባት ኣብ ምትግባርን ኣዛሚዱ ክሳብ ዝሰርሕ ዘሎ እዞም ኣብ ስደት እንርከብ ድማ ሓድነትና ዋሕስ ህላዌና ምዃኑ ተረዲእና ብስሙር ቅልጽም መኸተና ከነሐይል ይግባእ ክብል ተላብዩ።

ኣብዚ ዕለት'ዚ ካልእ ኣብ መንጎ ኣኼበኛታት ዝተረኽበ ጋሻ እንተነይሩ መጀር ጀነራል ጎይቶም መንግስቱ (ቻንስ) ክኸውን እንከሎ፡ ንህዝቢ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ዜጋትታ ንልኡላውነት'ዛ ሃገር ክብጀው ድሉዋት እዮም ድሕሪ ምባል ኣብ ስደት ካብ ዘለኹም ዜጋታት ዝሕተት ዘሎ ድማ መኸተኹምን  ሓድነትኩምን ኣጽኒዕኩም ብምሓዝ ክትቃለሱ ይግባእ ክብል መኸተን ኣገዳስነትን ብምዝማድ ኣተኹሩ ርእይቶ ኣፍሲሱ።

ኣኼበኛታት፡ ቅድሚ ሰሚናር ምዝዛሙ ፡ ነዚ ዝስዕብ እማመ ብሓባር ኣጽዲቖም ፡-

 “ *ንሕና ኤርትራውያንን ኤርትራውያን ኣሜሪካውያንን ነበርቲ ሚነሶታ ሎሚ 24 መጋቢት 2012 ዓ.ም ዕዉት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ኣካይድና ኣሎና። ኣቐዲምና ንዶ/ር በርህ ሃብተጊዮርጊስ  ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ንቕሓት ዜጋታትና ኣብ ምብራኽ ንዝገበረልና ኣበርክቶ ነመስግን። ንህዝብን መንግስትን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ድማ ነመጉስ። ነቶም ዓወትና ጭንቀት የሕዲሩሎም ጉዕዞ ገስጋስና*

*ክኾልፉ ብረቂቕን ግዙፍን ሜላ ወትሩ ዝጻብኡና ዘለዉ ናይ ታሪኽ ተጻባእትና ድማ ከም ቀደምና ውዱባትን፡ ንቑሓትን፡ ዕጡቓትን ክምዘሎና ከነዘኻኽሮም ንደሊ።*

*ነዚ እነካይዶ ዘሎና ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ሓይልን ድርኺትን ንምሃብ ድማ እዚ ዝስዕብ እማመ ነሕልፍ ኣሎና።*

1. *ከምወትሩ፡ ዓወት መንግስትናን ህዝብናን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ቀጻሊ ምዃኑ ነረጋግጽ*
2. *ስርዓት ወያነ ነቲ ኀቢጡ ሒዝዎ ዘሎ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ብቕጽበት ብዘይ ቅድመ-ኩነት ሓዲጉ ክወጽእን፡ ነቲ ብቐጻሊ ዘካይዶ ዘሎ ምትኹትኻት ደው ከብልን ንጽውዕ።*
3. *ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ብድፍኢት ርእሰ ሓያል ዓለምና ተሰጊዲዱ የሕሊፍዎ ዘሎ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ከልዕሎን፡ ነቲ ብሕጊ ዝተወሰነ ዶብ ኤርትራ ኣብ ባይታ ክምልከት ነታ ሕጊ ጥሒሳ ዘላ ኢትዮጵያ ከስገድዱ ንጽውዕ።*
4. *ነቶም ንህዝቢ ኤርትራ ከዲዖም ኣብ ክድምና ተዋፊሮም ዘለዉ ዕሱባት፡ ሰላምን ርግኣትን ልምዓትን ኤርትራ ንምዝራግ ዘካይድዎ ዘለዉ ሸርሕታት ከምዘይንዳናገር ነረጋግጸሎም።*

*ኣብ መወዳእታ ንዓወት ጥሙር መኸተ ከም ቀደምና ኣብ ጎድኒ መንግስትናን ህዝብናን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ከምዘሎና ነረጋግጽ ”*

*ዓወት ንሓፋሽ*
*ኤርትራውያንን ኤርትራውያን ኣሜሪካውያንን ኣብ ሚነሶታ።*

መደብ መኸተ 2012 ሚነሶታ ድሕሪ ናይ ኣስታት ኣርባዕተ ሰዓታት ሰሚናር ብግዱሳት ስድራቤታትን ሃማድኤ ጨ/ሚነሶታን ዝተዳለወ ናይ ድራር እንግዶት ምስ መንእሰያት ህግደፍ ብዘዳለውዎ ሙዚቃ እንዳተዓጀቡ ክዘናግዑ ድሕሪ ምምሳይ እቲ ኣኼባ ብፍሱህ መንፈስን ሓልዮት ሃገርን ዝዓብለሎ ሃዋህው ተዛዚሙ።

ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ጨ/ሚነሶታ













